# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡
# ኣብ ‘ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋለት’ ኣኽሊል ዕንባባ ኣንበሩ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብምኽንያት ጽንብል ዝኽሪ መበል 23 ዓመት ስርሒት ፈንቅል፡ ትማሊ 9 ለካቲት ኣብ ‘ሓወልቲ ሰማእታት ጥዋለት’ ኣኽሊል ዕንባባ ኣንበሩ።

ኣብቲ ብወተሃደራዊ ስልፊ ዝተሰነየ ስነ-ስርዓት ዝኽሪ ሰማእታት፡ ጸሓፊ ህግደፍ ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካረ፡ ኣደ-መንበር ሃማደኤ ወይዘሮ ልኡል



ገብረኣብ፡ ከምኡ’ውን ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወይዘሮ ጽገሬዳ ወልደገርግሽ እውን ኣኽሊል ዕንባባ ኣንበሮም።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ከም መቐጸልታ ናይ’ቲ ብልዑል ህዝባዊ ሱታፌ ዝካየድ ዘሎ መደባት ጽንብል ስርሒት ፈንቅል፡ ብ8 ለካቲት ኣብ ሰዓታት ድሕረ-ቀትሪ፡ መደብ ዋርሳን ህዝባዊ ባህላዊ ምርኢትን ቀሪቡ። ኣብ መደብ ዋርሳ፡ ኣብ ምምጻእን ምዕቃብን ናጽነት ኤርትራ ቅያ ዝሰርሐ መንእሰይ ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉመዳያዊ ንጥፈታት ቀጠባዊ ሓርነት’ውን ተራኡን ኣበርክቶኡን እናተኸልዐን እናደመቐን ይመጽእ ከምዘሎ፡ እዚ ድማ መርኣያ ናይቲ እናተወራረሰ ዝመጽእ ዘሎ ያታ ሓርበኝነትን ተወፋይነትን ከምዝኾነ፡ ነቲ መደብ ዝመርሐ መጀር ተኽለብርሃን ዮውሃንስ ብዝርዝር ገሊጹ።

“ዓወት ስርሒት ፈንቅል፡ ውጽኢት ድምር ተመኩሮ ናይ ኩሉም’ ቶም ሃገርን ክብረትን ንምምጻእ ዝተኻየዱ መዳርግቲ ኣልቦ ስርሒታት’ዩ” ዝበለ መጀር ተኽለብርሃን፡ ናብ’ዚ ደረጃ’ዚ ንምብጻሕ ንዝተራእየ ጽንዓትን መስዋእትነትን ህዝቢ ኤርትራ ብሰፊሑ ኣብሪሁ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብቲ ዕለት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ህዝባዊ ባህላዊ መደባት ተኻዪዱ።
“ፈንቅል – ክታም ንርጉጽ ሓርነትን ናጽነትን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝቃናዕ ዘሎ መደባት ጽንብል ዝኽሪ መበል 23 ዓመት ስርሒት ፈንቅል፡ ክሳብ ሉሚ ሰንበት ክቕጽል’ዩ።

ሓዳስ ኤርትራ 10 ለካቲት 2013

## ባህላዊ ጽንብል

## ዝኽሪ መበል 23 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ብድምቀት ተኻዪዱ

መደብ፡ ኣቦ−መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ሰራጅ ሓጂ የሕያ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ዓመታዊ ዝካየድ ጽንብል ዝኽሪ ፈንቅል፡ ንዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ብሓባር −ብክብሪ ብምዝካር፡ ንዝበለጸ መጻኢ መብጽዓና እነሐድሰሉ ኣጋጣሚ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ "ዝተፈጸመ ጅግንነታዊ ታሪኽ ንኽብርበርን ናብ መጻኢ ወለዶታት ከምዝሰጋገር ዝገብር ሓያል ሃገራዊ ዕጥቂ' ዩ" ክብል ኣስሚሩሉ።

ኣቶ ሰራጅ ኣብ መወዳእታ፡ ባህላዊ ጽንብል ስርሒት ፈንቅል ሎሚ ዓመት ኣብ ስጋለት ቀጣን ክበዓል ምምራጹ፡ ኣብ 1990 ብኣይሂ ቡምባታት ደብዳብ − ብዘሰካሕክሕ ግፍዕታትን ግዳይ ቀቢጸ ተሰፋ ስርዓት ደርግ ንዝኾኑ ንጹሃን ዜጋታት ንምዝካር ምዃኑ ብምሕባር፡ ኤርትራ ርስቲ ሰማእታት ብምዃና፡ ሰማእታትና ንኤርትራ ብምስላም ክንድብሶም ምእንቲ፡ ነፍሲ−ወከፍ ዜጋ ብዝለዓለ ንቕሓትን ተወፋይነትን ክሰርሕን ኣበርክቶኡ ከዕዝዝን ኣዘኻኺሩ።

እቲ መደብ፡ ጉጅለ ባህሊ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ካልኦት ስነ−ጥበባውያንን ብዘቕረብዎ ጣዕመ ዜማታት፡ ድራማን ትልሂትን ደሚቑ ምንባሩ፡ ወኪል ኤረና ካብ ከተማ ባጽዕ ሓቢራ።

ሓዳስ ኤርትራ 10 ለካቲት 2013

## ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፣ መብጽዓኦም ዘሕድሱሉ ኣጋጣሚ ምዃኑ ነጋድያን ገሊጾም

ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፣ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር መብጽዓኦም ዘሕድሱሉ ታሪኻዊት ኣጋጣሚ ምዃኑ፣ ኣብ ዝኽሪ ጽንብል መበል 23 ዓመት ናይ' ቲ ስርሒት ዝሳተፉ ዘለዉ ነጋድያን ገሊጾም።

ንሳቶም ንኤረና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፣ ዓመት መጸ ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ንምጽንባል ዝግበር ስነ−ስርዓትን ንምድማቑ ዝርአ ዕዙዝ ሱታፌን ንርዝነት ናይ' ቲ ፍጻመን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ ሰማእታቶም ዘለዎም ኣኽብሮትን ሕድሮም ንምትግባር ዘለዎም ቅሩብነትን ዘጉልሕ ምዃኑ ኣረዲኦም። ኣቶ ኣድም መሓመድ፣ ኣቶ ሰሊም ሳላሚን ወይዘሮ ግደይ ገብረመስቀልን፣ ዓመት መጸ ብዝዓዘዘ እትጽንበል ዕለት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፣ ኣብ ልቢ ነፍሲ−ወከፍ ኤርትራዊ ፍሉይን ረዚንን ተዘኽሮታት ዘለዋ ክብርቲ ዕለት ምዃና ጠቒሶም፣ ነጋድያን − ኪንዮ ምዝንጋዕ፣ ታሪኽ ክፈልጡን ንደቆም ከውርሱን፣ ከምኡ ድማ ሕድሪ ሰማእታት ተሰኪሞም መብጽዓኦም ክሐድሱ ተላብዮም።

"ወደባዊት ከተማ ባጽዕ፣ ኪንዮ ኣብ ውሽጢ ባሕርናን መሬትናን ዝርከብ ማዕድናት፣ ብዓጽምን ደምን ጀጋኑ ሰማእታትና' ያ ተሓጺራን ወቒባን" ዝበሉ መንእሰያት ማሕሙድ ናፍዕን መብራህቱ መዝገበን፣ ኣብ መላእ ኤርትራ ብሓፈሻ ኣብ ከተማ ባጽዕ ድማ ብፍላይ ተዋዲዱን ዝዋደድ ዘሎን ትሕተ−ቅርጻን ዝካየድ ዘሎ ሰፊሕ ልምዓታዊ መደባትን፣ መርኣያ ትግባረ ሕድሪ ሰማእታት ምዃኑ ኣስሚሮምሉ።
እቶም ነጋድያን ኣብ መወዳእታ፣ ንዝበረኸ ልምዓትን ብልጽግናን ቃሎም ብምሕዳስ፣ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ብዝለዓለን ዝበለጸን ማዕሪጋ ክትዝከር ትምኒቶም ገሊጾም።

** ** **

ሓዳስ ኤርትራ 11 ለካቲት 2013